

# ባንዴራና ኣምበልብሊ

ባንዴራና ኣምበልብሊ
ህያብ ስውኣትና ፍረ ጻማ ገድሊ
መንነት ክብረትና ኣምበልብሊ
ሚኒችፐዮ ሳን ሆዘ ኣለና በሊ
ባንዴራና ቅጭን ደይቢ ንላዕሊ
ናይ ጽንዓት ሓድነት ደሃይ ከነለሊ
ባንዴራና ሽኮር ኣምበልብሊ
ይፈለጥ ትርጉሙ ምግፍሑ ‘ቲ ቆጽሊ
ሰማያዊ ቲ’ሕብሩ ናይ ማዕድናት ጠሊ
ህያብና ድመቒ ሕብርኺ ከይበሊ
ናይቲ ብጫ ኣውሊዕ ናይ ማዕድናት ምስሊ
ትርጉም መስዋእትና ናይቲ ቀይሕ ስእሊ
መልእኽቲ ሕድርና ጨድሪ ደብሊ
ማዕረ ኣመሪካ ጺጋም የማን በሊ
ባንዴራ ምስልና ኣለኹልኩም በሊ
ካብ ጫፍ ናብ ጫፍ ዓለም ወትሩ ከተጽልሊ

ሳላኺ ባንዴራና
ህያብ ስውኣትና..........

ከም ህዝቢ ተኸቢርና
ከም ሰብ ተቐጺርና
ከም ሃገር ተለሊና
ክቃላሕ ታሪኽና

ንስኺ ክበርልና
ንስኺ ገርምልና
ንስኺ ጸብቐልና
ሙሉእ ክኸውን ዓወትና
ስውኣትና ክቐስኑልና
ሰላም ክሰፍነልና
ናብርኡ ክመሓይሽ ህዝብና!

ዘልኣለማዊ ዝኽሪን ክብሪን ንሰማእታትና!
ወትሩ ዓወት ንሓፋሽ!

ኣማኑኤል ተስፋማርያም
መበል 23 ዓመት ጽምብል በዓል ናጽነት
ሳን ሆዘ ካሊፎርንያ